KANTON
LUZERN
Bildungs- und Kulturdepartement

Dienststelle Volksschulbildung

Tigrinya

## Logopädie in der Schule: Elterninformation

## ናይ ዘረባ ፍወሳ ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ሓበሬታ ንወለዲ

እዚ ናይ ዘረባ ተራፒ ወይ ፍወሳ ብህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ ዝወሃብ ሓገዝ እዩ። እዚ ንኹሎም ወለዲ፣ ቆልዑ፣ መንእሰያት፣ መማህራን፣ ሓለፍት ቤት ትምህርትን ካልኦት ኣባላት ሰብ መዝን ብነጻ ዝወሃብ ኣገልግሎት እዩ።

ዘረባ ንዓና ደቂ ሰባት ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ። ብናቱ ሓገዝ፡ ሓሳባትና ንኽንገልጽን ምስ ካልኦት ሰባት ንኽንዛራርብን ንኽእል። ኣብ ነፍስ ወከፍ ዘረባ፡ ናይ ኣካላውን፣ ስምዒታውን፣ ኣእምሮኣውን ተግባራት የጠቓልል። ኩሉ ግዜ፡ ናይ ዘረባ ጸገም ምህላው፡ ንኹሉ ሰብ ይጸልዎ። እዚ ንኣእምሮናን፣ ማሕበራዊ ኩነታትናን፣ ንናይ ምምሃር ክእለትናን፡ ብኣሉታ ክጸልዎም ይኽእል።

ጽቡቕ ኩነታት ናይ ምዝራብ ምዕባለ ቆልዓ ማለት ናይ ምርዳእ፣ ምሕሳብ፣ ምንቅስቓስ፣ ከምኡ`ውን ናይ ስምዒትን፣ ማሕበራዊ ባህርያትን ምዕባለ ማለት እዩ። ስለዚ እዚ ናይ ዘረባ ፍወሳ፡ ነዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ናይ ምዕባለ ዓውድታት የጠቓልል።

ነፍስ ወከፍ ተራቲስት፡ ድሌት ናይ ነፍስ ወከፍ ቆልዓ የሰማምዕ። ንቆልዓ ንምሕጋዝ፡ ሓደስቲ ተመኩሮታት ንምእካብን ዘረባ ንምፍልሳፍን፡ ብናይ ጸወታን ምንቅስቓስ ሜላታት ዝተሰነየ እዩ። ስለዚ እዚ ነቲ ቆልዓ ናይ ዘረባ ክእለቱ ንኽመሓይሽን፡ ናብ ዝቕጽል ደረጃ ምዕባለ ንኽምርሕን ይሕግዝ።

ምክልኻል - እንተድኣ ቆልዓ ገና ንእሽተይ ከሎ፡ ኣድላይ ዘበለ ተራፒ ተጌርሉ - ምስ ግዜ ዝምዕብሉ ጸገማት ናይ ምንባብን፣ ምጽሓፍን፣ ሕሳብን፡ ክውገዱ ይኽእሉ። ምዝንባላት፡ ኣብ ውልቃዊ ምዕባለን ባህርይን ቆልዓ ክውገዱ ወይ`ውን እንተወሓደ ክጎድሉ ይኽእሉ። ሓደ ተወሳኺ ረቛሒ ነጥቢ፡ ዕውት ተራፒ ንኽህልወና፡ ምትሕብባር ወለድን መማህራንን ብመልክዕ ምኽርን ሓገዝን፡ ምስዝህሉ እዩ።

እዞም ናይ ዘረባ ተራፒስትስ፡ ብምሉእ ግዜ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ወይ ተመሳሳሊ ኣብ ፍሉጥ ላዕለዋይ ስነ ኪነት ቤት ትምህርቲ ዝተማህሩ እዮም። ኩሎም ብደረጃ ሃገር ዝተፈልጠ ዲፕሎማ ናይ ዘረባ ተራፒ ዘለዎም እዮም።

ነሓሰ 2015